**ሓምሻይ ክፋል**

ሓድሽ ዓመት 1968 ተጀምሩ ። ሰራዊት ሓርነት ከምቲ ልሙድ ኣንጻር ጸላኢ ምክልኻልን መጥቃዕትታቱ ምውርዋርን ቀጸሎ ። ቁጽሩ እንዳበዘሔ ከደ ፣ ስሪሒታቱ ድማ እንዳማዕበለ ስሌ ዝኸደ ኲሙን ደጀን ዝኾኖ ሓድሽ መሬት ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ከእቱ ጀመረ ። ጸላኢ መጥቃዕታት ሰራዊት ሓርነት ናብ ዓበይቲ መደበራትን ከተማታት ገጹ ከይየመሪሕ ፍርሒ ጀመሮ ። ገለ ካብቲ ስሪሒታት ድማ ዝስዕብ እዩ :-

- ወርሒ 1/1968 - ኣብ ዱሉክ ባርካ ላዕላይ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ  ጸላኢ ዓብይ ክሳራ ነሩዎ ።
- ወርሒ 2/1868 - ኣብ ሸተል ከባቢ ማንሱራ ምስ ቀዳመይቲ ክፍሊ ብምትሕብባር ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ጸላኢ ካብ 70 ንላዕሊ ምዉታትን ቁሱላትን ነሩዎ ።
- 13/2/1968 - ኣብ ሳልሰይቲ ክፍሊ ፣ ተገረን መጥቃዕቲ ተኻይዱ ካብ ንጎሆ ክሳብ ጸሓይ ዓራርቦ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ጸላኢ ዓብይ ክሳራ ነሩዎ ፣ ብወገና 1 ስዉኣት 7 ዉጉኣትን ነሩና ። 13 ብሬት ሰሊብና
- 4/1968 - ኣብ ዋሃብሎ ( ዓጋምቡሳ ) ኣብ ዝተኻየደ ውግእ 2 ዉጉኣት ኣለዉና ።
- 18/7/1968  - ኣብ ደምበላስ ካብ ጸላኢ 5 ሞይቶም  ክባና 2 ተወግኦም ።
- 8/1968 - ኣብ ሳላድ ብወገና ክሳራ ኣይነበረን ።
- 8/1968 - ኣብ ልዕሊ ከተማ ሰገነይቲ መጥቃዕቲ ተኻይዱ ጸላኢ ክሳራ ነሩዎ ኣባና ዝወረደ ነግር የልቦን ።
- 8/9/1968 - ኣብ ሓላይ ነፈርቲ ዝተኻፈላአ ጹዕጹዕ ውግእ   ተኻይዱ ጸላኢ ብዙሓት ምዉታት ነሩዎ ።ንሕና 2 ተሰዊኦሙና 3 ድማ ተወጊኦም ።
- 12/10/1968 -  ኣብ ዋጣቶ  ውግእ ገርና  1 ተሰዊኡና ።
- 5/11/1968 - ኣብ ሙድሑሎ ናባ ጋደ ካብ ሓይሊ ጸላኢ ( ጦር ሰራዊትን ኮማንዶስን ) 50 ተቀቲሎም ብዙሓት ተወጊኦም ዝተፈላለየ ብሬት ድማ ሰሊብና ኢሉ ። እዘን ናይ መወዳእታ ሰለስተ ውግኣት ሱሉሳዊ ሓድነት ምስ ተኣወጀ ዝተኻየዳ እየን ።

  ቀጽሉ እዚ ገለ ክፋላት ናይቲ ብዘይምቁራጽ ምስ ጸላኢ ዝካየድ ዝነበረ ጥምጥም ምዃኑ ገሊጹ ። ምስ ምቅጻል ምንቅስቃስ ጸላኢ ፣ ሳልሰይቲ ክፍሊ ብሰንኪ ጉድለት ዝተፈላለየ ትሕዝቶታትን ኣገዳሲ ወታሃደራዊ ንዋትን ፣ ጸገማታ እንዳታሓላለኸ ከይዱ ። ካብ ማእከላይ መደበር ( መሪሕነት ውድብ ) ዝመጽእ ጠቃሚ ረድኤት  ኣይነበረን ። ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለያ ክፍሊታት ድማ ኣብ ክፍሊታት ንዝፍጠር ኩነታት ንምግጣም ዝኣመተ ምትሕብባር ኣይነበረን ። ናይ ብሓቂ ድማ ምጻሩ ዘሸግር ቀሊል ዘይኮነ ጸገማት ይጓንፈና ነሩ ኢሉ።

  ኩነታት ከምዚ ካብ ኮነ ፣ ክፍሊታት ዝቆማሉ ዕላማ ታዓዊቱዶ ይመስለካ ? ኣወንታታቱን ኣሉታታቱንከ እንታይ እዩ ? ንዝብል ሕቶ ክምልሽ ከሎ መልሱ ድማ :-

  ክፍሊታት ብሙቋሙ ዝተረጋገጸ ኣወንታታት ክረኤ ከሎ፣ ብሓፈሻኡ  ዝቆመሉ ዕላማ ተረጋግጹ እዩ ክባሃል ይካኣል ። ንሱ ድማ :-

- ምብታን ሓይሊ ጸላኢ ( ፋሕ ክብል ተገድዱ )።
- ሓይሊ ሰውራ ኣብ ዝተፈላለየ መሬት ኤርትራ ተዘርግሑ ምስ ህዝቢ ክራኸብ ምኽኣሉን ህዝቢ ምስ ሰውርኡ ከም ዝተኣሳሰር ምግባሩን ።
- ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ክሳራታት ምውራድ ።
- ሰውራ ከይትፍለጥ ተጠምጥሙዋ ዝነበረ ዜናዊ ሸፋን ተቀንጥጡ ።

- ኣብ ሓጽር እዋን ብዙሕ ሓይሊ ጉልበት ሰብ ምእካብ ተኻኢሉ ።

እዚ ድማ ቀሊል ፍሬ ኣይኮነን ይኹን እምበር ፣ ንተሞክሮ ክፍሊታት ዘሰነዮ ኣሉታዊ ተሞክሮታት እውን ቀሊል ኣይነበረን ምኽንያቱ ድማ :-

- ንንጥፈታት ክፍሊታት ብቀረባ ኣብ ሜዳ ኮይና እተማሓድርን ተዋሃህድን ኣድማዒት መሪሕነት ዘይምህላው ።
- ዝምድናታተን ዝሰሪዕን ዘዋሃህድን ንጹር ሕጊታት ወይ መምሪሕታት ዘይምንባሩ ። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ወታሃደራዊ ፣ ፖለቲካዊ ፣ ሎጊስቲካዊ ፣ መዳያት ኣብ ሞንጎ ክፍሊታት ስሩዕ ምትሕግጋዝ ኣይነበረን ። እቲ ኣብ ገለ ግዝያት ዝረኤ ዝነበረ ምትሕብባር ወይ ምድግጋፍ ድማ ብዘይተሰርዔ መገዲ ዝካየደ ዝነበረ ሃንደበታዊ ዘይተጸንዔ ተቦጉሶታት ዳኣምበር ካብ ሓቀና ሓድነታዊ መንፈስ እምነት ዝተበገሰ ዘይምዃኑ ። እዚ ድማ ንምሳሌ እቲ ኣብ ሞንጎናን ሞንጎ ቀዳመይቲ ክፍሊን ዝነበረ ዝምድና ፣ ከምኡ እውን ምስ ራብዓይቲ ክፍሊ፣ እቲ ብሓባር ዝካየድ ዝነበረ ውግኣት ኣብነት ናይዚ እዩ ።
- ክፍሊታት ፣ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ምቁጽጻር መራሕቲ ክፍሊታት ኮይኑ ፣ ብሕታዊ መልክዕ እንዳሓዘ ይኸይድ ስሌ ዝነበረ ፣ ጸብብ ስምዕታት ክፍጠር ጀምሩ ።
- ኣብ ሓደ ክፍሊ ንዝፍጠር ሽግራት ቅልጡፍ ፍታሕ ስሌ ዘይግበረሉ ሽግራት እንዳታኣከበ ከይዱ ።
- ኣብ ሞንጎ ሰራዊት ሓርነት ዘሎ ሓድነታዊ ስምዒት ክዳኸም ጀመረ ።

ቀጺሉ ክዝከር ዝግባእ ተሞክሮ ድማ ኣሎ ብምባል፣ ሳልሰይቲ ክፍሊ ብ1966 ቦታኣ ድሕሪ ምብጻሓ ብንጹር ዕለት 30/9/1966 ኣብ ሞንጎ ሳልሰይቲ ክፍሊን ራብዓይቲ ክፍሊን ኣብ ኡምለ ዝተባህለ ቦታ ብመሪሕነት ደረጃ ዝተደረተ ጸብብ ስምምዕ ተገይሩ ናይ ክልቲኤን ክፍልታት ኣሃዱታት ብሓደ ተጸምብረን ፣ ሓሙሽተ መራሕቲ ሓይሊታት ዝመርሑዎ ኣሃዱታት ቀይመን ኣብ ዝተፈላለየ ወገናት ተዋፍረን ፣ሃዘሞ ፣ ሰራየ፣ ምብራቃዊ ሸነኽ ኣከለጉዛይ ። ከምኡ ድማ ገለ ኣሃዱታት ብሬት ንምምጻእ ንሳሕል ገጸን ተላእኸን ። ስሌዚ ገሊኡ ካብቲ ዝተጠቅሰ ዝተኻየደ ውግኣት ናይ ሓባር ነሩ ማለት እዩ ። ካብቶም ኣብዚ ውግኣት ዝተካፈሉ ፍሉጣት መራሕቲ ካብ ራብዓይቲ ክፍሊ ድማ ፣ ራማዳን ሙሳ ፣ ኣሕመዲን እስማዒል ፣ ስዒድ ሳልሕ ማሕሙድን ኣደም ማሕሙድን ይዝከር ። ድሕሪዚ ኣሃዱታት ብሃንደበት ተጸውዔን ኣብ ዛርግራ ብወርሒ 4/1967 ከምቲ ዝነበራኦ ኣብ ክልተ ተመቅለን ተፈሊየን ። እዚ ስጉምቲ ኣብ ተጋደልቲ ዓብይ ኣሉታዊ ስምዒት ኣሕድሩ ።

ጉዳይ ሓድነት ኣብ ሞንጎ ሰራዊት ሓርነት ኣብ ክልቲኡ ክፍሊታት ራብዓይትን ሳልሰይቲ ክፍሊን ብቲሪ ክላዓልን ክሕተትን ጀመረ ። እንተ እዚ ዝተጠቅሰ ተሞክሮ ሓድነት ብፍጹም ኣይተዘርበሉን ኣይተላዕለን ምኽንያት ናይዚ ምብታኹ ኣይተነግረን ። ፍጻመኡ ድማ ብህላወ ሙሓመድ ዓሊ ዑማሮ መራሕ ራብዓይቲ ክፍሊ ፣ ካብ ሳልሰይቲ ድማ ኣሕመድ ኢብራሂም ሓላፊ ወታሃደራዊ ስለያን ዓሊ ማሕሙድ መራሕ ሓይልን ነሮም ።

ብሰንከቲ ዝኸይድ ዝንበረ ሕማቅ ኩነታት ድማ ሽግራት ናይ ክፍሊታት እንዳበዘሔ ከይዱ ፣ ሓምሸይቲ ክፍሊ ድሕሪ ምቋማ ድማ ሓድሽ ሽግራት ተፈጥሩ ። ስሌዚ ኣብቲ መድረኽ ንሰውራ ዝህድድ ዝነበረ ሓደገኛ ኩነታት ገደብ ምግባር ኣሚቱ ዝላዓል ዝነበረ ፣ ስምረት ሰራዊት ሓርነት ፣ ቦታኣ ሜዳ ዝኾነት መሪሕነት ምቋም ፣ ጉባኤ ምክያድ ፣ ዝብል ጭርሖታት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ካብ ተጋደልትን ህዝብን ብትሪ ክስማዕ ጀመረ ።

ኣብ ሓምሻይቲ ክፍሊ ንዝተፈጠረ ሽግራት ብፍላይ ብሓፈሻ ድማ ንናይ ሰውራ ሽግራት ፍታሕ ንምግባር ዝዕላማኡ ኣኼባ ክካየድ ዝብል ተበግሶ ነሩ። ብመሰረት እዚ መጸዋዕታ ድማ ጉባኤ ዓራዳየብ ብዕለት 6/6/1968 ተኻይዱ ። ኣብዚ ጉባኤ ዝተኻፈሉ መኣሕቲ ክፍልታት ድማ :-

1) ካብ ቀዳመይቲ ክፍሊ - ማሕሙድ ዲናይን - ሙሳ ሙሓመድ ሃሽምን ።
2) ካልኣይቲ ክፍሊ - ዑመር ኢዛዝን - ኣሕመድ እብራሂም ሙሓመድ (ቸኪኒ) ።
3) ሳልሰይቲ ክፍሊ - ዓብዱልካሪም ኣሕመድ - ኣሕመድ ኢብራሂም ሙሓመድ ።
4) ራብዓይቲ ክፍሊ - ሙሓመድ ዓሊ ዑማሮ - ራማዳን ሙሓመድ ኖር ።
5) ሓምሻይቲ ክፍሊ - ዓብደላ ኢድሪስ - ኢሳያስ ኣፈወርቂ ነሮም ።

ውሳኔታት ናይዚ ጉባኤ ድማ ዝስዕብ ነሩ :-

1) ቀዳመይቲ ክፍሊ ፣ ንሳልሰይቲ ክፍሊ ክትሕግዝ ።
2) ካልኣይቲ ክፍሊን ራብዓይትን ፣ንሓምሻይቲ ክፍሊ ክሕግዙ ።
3) ታሓጋጋዚት ኣሃዱ፣ ንቀዳመይቲ ክፍሊ ክትሕግዝ ።
4) መራሕቲ ክፍሊታት ፣ መራሕቲ ሓይሊታት ፣ ክፍሊ ወታሃደራዊ ታዕሊምን ፣ሓጋዚት ኣሃዱን ዝካፈሉዎ ሰፊሕ ወታሃደራዊ ጉባኤ ክካየድ ።

ንምስጥራዊነት ናይቲ ዝተገብረሉ ቦታ ጉባኤ ዓንሰባ ተባሂሉ ዝተጸወዔ ጉባኤ ኣብ ኣሮታ መሬት ማሪያ ብዕለት 10/9/1968 እዩ ተኻይዱ ። ካልኣይቲ ክፍሊ ብምኽንያት ናይቲ ኣብ ሓልሓል ዝተኻየደ ተጋዳላይ ዑመር ኢዛዝ መራሕ ካልኣይቲ ክፍሊ ዝተሰወኣሉ ውግእ ኣይተኻፈለትን ። ቀዳመይቲ ክፍሊ ድማ ክትካፈል ከምዘይትኽእል ኣፍልጣ ። ዝተረፉ ኣብ ሞንጎኦም ሓድነት ብምእዋጅ ግዝያዊት መሪሕነት ዝብል ሽም ዝሓዘት 12 ዝኣባላት መሪሕነት መሪጾም ። እዛ ክሳብ ጉባኤ ኣዶባሓ ዝቀጸለት መሪሕነት ድማ ኣስማቶም ዝስዕብ እዩ :-

1) ሙሓመድ ኣሕመድ ዓብዱ
2) ኣሕመድ ሙሓመድ ኢብራሂም (ሰክረተር)
3) ሙሓመድ ዓሊ ዑማሮ
4) ራማዳን ሙሓመድ ኖር
5) ኣብራሃም ተወልደ
6) ኢስያስ ኣፈወርቂ
7) ዓብደላ እድሪስ
8) ዑመር ዳማር
9) ሙሓመድ ዑመር ዓብደላ ( ኣቡጣያራ)
10) ዓብደላ ዩሱፍ
11) ዓብደላ ሳፊ
10) ሓምድ ሳልሕ ሱለይማን ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ሙሉእ ሓድነት ሓሙሽተ ክፍሊታት ዘረጋገጸ ጉባኤ ኣዶባሓ ብዕለት 10/8/1968 ተገይሩ ዘመነ ክፍሊታት ኣብቅዑ ሰውራ ኣብ ሓድሽ ናይ ቃልሲ መዋእል ኣቲያ ።

ርክብ ምስ ተጋዳላይ ሓሚድ ሳልሕ ኣብዚ ይውዳእ ።

11/8/2016